**2023-2024 ናይ ክልተ ዓመት መፋርቕ ምትዕርራያት እማመ ባጀት**

እዚ ባጀት እዚ ነቲ ከንቲባ ብሩስ ሃረል ንማሕበረሰብና ዘድልዮም ነገራት ንምምላእን ነቶም ብ ***One Seattle*** ቀዳምነት ዝወሃቦም ነገራት ንምድንፋዕን ዝገበሮ ቐጻሊ ቈራጽነትን ወፍርን ዘንጸባርቕ ኢዩ። እቲ ከንቲባ ዘቕረቦ እማመ ድሕንነቶምን ጥዕናኦምን ዝተሓላለወሎም ማሕበረሰባት ኣብ ምፍጣር ወፍሪ ምግባር ከቕጽል እዩ። እዚ ባጀት እዚ ህዝባዊ ድሕንነት ንምምጻእ፣ ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎ ኣባይቲ ንምህናጽ፣ ቅልውላው ግዳም ሓደርነት ንምቊጽጻር፣ ንዳዉንታውን ብምንቕቓሕ ተቐማጦ፣ ሰራሕተኛታትን፣ በጻሕትን፣ ግዜ ኼሕልፉሉ ዚደልዩ ቦታ ንምግባር፣ ከምኡ'ውን ንኹሎም ሰባት ኣጋጣምን ማዕርነትን ንምርካብ ዚግበር ጻዕርታት ዚድግፍ እዩ።

ንቤት ጽሕፈት ስነ-ጥበብን ባህልን ዝቐረበ ባጀት ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፥

- $1,000,000 ኣብ ዳውንታውን ጠመተ ብምግባር፡ ነቲ ናይ ሆፕ ኮርፕስ (Hope Corps) ረድኤት ፕሮግራም (ነቶም ትሕቲ ደረጃ ስራሕ ዝሰርሑን ስራሕ ዘይብሎምን ስነ-ጥበባውያን ምስ ናይ ስራሕ ዕቤት ኣጋጣሚታት ዘራኽብ ፕሮግራም) ናብ 2024 ከቕጽል ምግባር።
- $1,000,000፣ ምስ Office of Economic Development (ቤት ጽሕፈት ቊጠባዊ ምዕባለ) ብምትሕብባር ነቲ ናይ ምህዞ ቊጠባ ንምድጋፍን ከምኡ'ውን ነቲ ኣብ ኪንግ ስትሪት ዝርከብ መደብር ባቡርን ኣብ'ቲ ናይ ዳውንታዉን ከባቢ ዝርከቡ ከባቢታት መንበሪን ንምንቕቓሕን።
- $650,000 ብመልክዕ ናይ ሓደ ግዜ ሓገዝ ዝወሃብ፡ ነተን ካብ ለብዒ ኣብ ምሕዋይ ዝርከባ ናይ ስነ-ጥበብን ባህላውን ውድባት ንምድጋፍ ዝውዕል።
- $257,100 ነቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዘጋጠመ ቊጠባዊ ቅልውላው ንምቊጽጻር ዘኽእል ቀጻሊ ናይ ምትዕርራይ ገንዘባዊ ሓገዝ።

ብዛዕባ እቲ ዝቐረበ እማመ ባጀት ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ፣ ነቲ ከንቲባ ዘውጽኦ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣብዚ ኣንብቡ፡- Mayor Harrell Announces 2024 Budget Proposal – Office of the Mayor (ብቋንቋ እንግሊዘኛ ዝተዳለወ)